# ካብ ክልል ኣምሓራ ንዝተፈናቀሉ ተጋሩ ዝተልኣኸ ሓገዝ

ዓሚ ኣብ ክልል ኣምሓራ ብዝተፈጥረ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝተሃቀነ ሓደጋ ምኽንያት ብዙሓት ኣሻሓት ተጋሩ ካብ ዝነብሩሉን ዝሰርሑሉን ዝነበረ ተፈናቒሎም ናብ ትግራይ ምእታዎም ዝዝከር'ዩ። ነቶም ተፈናቀልቲ ንምሕጋዝ ድማ ዝተፈላለዩ ማሕበረሰባት ኢትዮጵያ ሰብኣዊ ኢዶም ክዝርግሑ ፀኒሖም እዮም።

ኣብ ኣሜሪካ ዝነብር ትግራዋይ እውን በብከባቢኡ ዓቕሙ ዝፈቐደሉ ናይ ገንዘብ ሓገዝ እናገበረ ምንባሩን ምህላውን ግልፂ እዩ። በዚ መሰረት ድማ ነበርቲ ከተማ ኣትላንታን ከባቢኣን ዝኾንና ተጋሩ ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ናይ ሓገዝ ምትእኽኻብ ፕሮግራማት ብምግባር ብድምሩ $11,690.00 (ዓሰርተ ሓደ ሽሕን ሽዱሽተ ሚኢቲን ቴስዓን ናይ ኣሜሪካ ዶላር) ናብ'ቲ ነቶም ተፈናቀልቲ መሐገዚ ተባሂሉ ኣብ ኢትዮጵያ ንግዲ ባንክ ጨንፈር መቀለ ዝተኸፍተ ናይ ባንኪ ሒሳብ ኣእቲና ምህላውና ንገለፅ። ዝተገብሩ ናይ ገንዘብ ሓገዛት ድማ ነ'ቲ ተሓጋዛይ ወገንና ብእዋኑ ንክበፅሖሉን ንሓዋሩ እግሪ ብዘትክል መንገዲ ክሰረሐሉን ድማ ተስፋ ንገብር።

ከምኡ ድማ ንሓጋዛይን ተሓጋዛይን ግልፂ ንክኸውን ድማ እቲ ዝተገብረ ሓገዝ ብመራኸቢ ሓፋሽ (media) ንክመሓላለፍ ንላቦ። ንወገን ቀልጢፉ ዝበፅሕ ወገን እዮ'ሞ ንወገንኩም ካብ ዘላትኩም ዘካፈልኩም ተጋሩ ነበርቲ ኣትላንታን ከባቢኣን ድማ ብልቢ ነመስግን።

ኮሚቴ መተኣኻኸቢት ሓገዝ

ኣትላንታ